Unity
Democracy
Justice

ሓድነት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ الوحدة للتغيير الديمقراطي

**Unity for Democratic Change**

UDC

ቤ/ጽ ወጻኢ ዝምድናታትን ህዝባዊ ርክባትን مكتب الشئون الخارجية والعلاقات العامة Office of Foreign & Public Relations

# ትሕዝቶ መጽሔት


1. ርእሰ ዓንቐጽ ውሓዲለ
2. ትስፍው ዓመት 2019 ቃልሲ ህዝቢ፡ ኣንጻር መላኺ ስርዓት ኤርትራ
3. ዓስከረን ብጹእ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራስንዋ ካብ ጸጸራት ንኪዳነ ምህረት
4. መልእኽቲ ኣቦ/መ ፈ/ሽ ውሓዲለ ብምኽንያት በዓል ልደትን፡ሓድሽ ዓመትን
5. ሓባራዊ መግለጺ ብዛዕባ ኩነታት ኤርትራውያን ኣብ እስራኤል
6. ህጹጽ ጸውዒት ንመንግስቲ ሱዳንን ኮሚሽነር ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራትን
7. ረፖርታጅ
8. ማእከላይ ባይቶ ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣኼባ ኣካይዱ
9. ውድብ ሓድነት ንዲሞክራስያዊ ለዊጢ (ሓዲለ) ግዝያዊ መሰጋገሪ መሪሕነት ዞባ ሰሪው፡
10. መስራቲ ጉባኤ ባይቶ ይኣክል ሽወደን
11. ዜናታት ባይቶ ይኣክል ኤውሮጳ
12. ስምምዕ ሰላም ኢትዮ ኤርትራ - ኣበይ ደኣ ኣበለ?
13. ጋዜጣዊ መግለጺ
    ግጥሚታት
14. ግርም ምቑግር ወዳጀ ምድማር
15. ፍቅርና ንዓኺ ምኽርና ንያኦም


ኣብ ሰልስተ ወርሒ ዝሕተም መጽሔት ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ

ካልኣይ ሕታም

ጥሪ 2020

## ትስፍው ዓመት 2019 ቃልሲ ህዝቢ፡ ኣንጻር መላኺ ስርዓት ኤርትራ

ህዝብና ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ ምሕደራ ዝተሳቐዮ፡ ክብሩን መሰሉን ተገፊፉ ዝተዋረደሉ ዓመታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ።ይኹን’ምበር ድሕሪ ነጻነት፡ ብደቁ እሞ በቶም ካብ መግዛእቲ ነጻነት፡ ካብ ጭቆና ሓራ ከነውጽኣካ’ና ኢሎም ምስ ስውኣት፡ህዝቢ ኤርትራን፡ ኣሕጉራዊ ሕብረተ ሰብ ዓለምን መብጽዓ ዝኣተው፡ ብመስዋእትን ጅግንነትን ዝተረኽበ ዓወት፡ ዋኒን ብሕታዊ ስልጣኖም ገይሮም ዝኸሓዱ ውሑዳት ጉጅለ መላኺ ስርዓት፡ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ፡ ሓርነት ንፍጹም ግፍዒ ጭቆና፡ ሰላም ንፍጹም ዕግርግር ኵናት ቀይሮም ንህዝብና ክሳዱ ረጊጾም ንሕና’ና ክብሉ ተራእዮም።

ውልቀ መላኺ ስርዓት ምስ ጉጅልኡ፡ ነዚ ሎሚ ዘለዎ ደራጃ በሓትነት ስልጣን ንምብጻሕ ቀስ ብቀስ ካብ’ታ ሃገራዊት ኣሃዳዊት ሙውቅቲ ስድራ ቤት ጀሚሩ ክሳብ መንግስታዊ ኣካላት ብምፍርራስ፡ ሓሊፉ ነቶም ከድምዑ ክገብሩ ፡ከስምዑ ይኽእሉ ዝብሎም ነባራት ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ተጋደልቲ፡ ጋዜጠኛታት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ምሁራት፡ ኣብ ጎደናታት ኤርትራን ጎረባብቲ ሃገራት እንዳሃደነ ጨውዩ ብምእሳርን ብምጥፋእን ከም ቀዳማይ መደቡ ሒዙ ተላዕለ።

ቀጺሉ ንልዕሊ 24 ዓመት ብፍሉይ ኣተሓሕዛ ክግበረሉ ዝተፈርደ መንእሰይ ኤርትራ’ዩ ነይሩ። መጻኢ ወለዶ መንእሰይ ኤርትራ ንተግባራት መላኺ ስርዓት እንተስ ብንቅሓት፡ እንተስ ብባህርያት ዝነበሮ ዕድመ ከይቃወም ተባሂሉ ግምት ዝተዋህቦ ብግቡእ መደብ ተታሒዝሉ፡ ብእኩብ ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ ገዝኡ፡ትምህርቱ፡ስርሑን ብኣስገዳድ ንወታሃደራዊ ስልጠና ሓውሲ ማእሰርቲ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ቁጽጽር ክውዕል ምግባሩን፡ ብዙሕ ከይጸንሐ ከኣ ነዚ ሓይሊ መንእሰይ ኣብ ርሱን ኵናት ከም ዝጠፍእ ገበሮ። ነቲ ካብ’ዚ ኵናት ዝተረፈ መንእሰይ ከኣ ይሃሉ ኣይሃሉ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ኣብ’ቲ ግዜኡ ዝሓለፎ መስርዕ ሰራዊት ሃገራዊ ምክልኻል ኣብ መዛግብ ተሓይሩ ከም ዝነብር ገበሮ። ከም መቀጸልታ’ዚ ሕሱም ታሪኽ፡ ሕልፈት ዘይብሉ ሂወት፡ ዝመረሮም መንእሰያት እታ ክገብርዋ ዝክእሉ ነፍስኻ ምድሓን ስለ ዝነበረት፡ ነታ ዝፈትውዋ ሃገሮም ገዲፎም ካልእ ምርጫ ዘይብሎም ንስደት ከምርሑ ተገደዱ። እቲ ምርጫ ዘይብሉ ስደት’ውን ክንደይ ሂወት መንእሰይ ዝጠፍኣሉ ተወሳኺ መወዳእታ ዘይብሉ ታሪኽ ገዛእ ርእሱ ዘለዎ ዝሓለፈ ኩነታት ዝምስክሮ ሳዕቤን ጥፍኣት መንእሰይ፡ ጠንቒ ምሕደራ ምልካዊ ስርዓት’ዩ።

ውልቀ መላኽን ጉጅልኡን፡ እቶም ብዘይሕቶን ርእይቶን ንዝተዋህቦም ሓደገኛ ትእዛዝ ብዘይ ወዓል ሕደር ዝፍጽሙ ተሓባበርቶም፡ ስርሓቶም ምስ ወድኡ ከኣ፡ ከም ውጽኢት ስድራ ቤት ተብታቲና፡ ምምሕዳራት ፈራሪሱ፡ ህዝቢ ጸኒቱ፡ መንጸብረቅታ ሃብታም ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ’ውን ምስኡ ጠፍኡ ክተርፍ ተበየነሉ።

ውልቀ መላኺ ስርዓት ደጊም ንዝወጠንክዎ ክዛዝሞ ዝክልክለኒ የለን’ሉ ብምሕሳብ፡ ኣንጻር’ቲ ኩሉ ኣብ መስኮት ኤሪ-ቲቪ ዝዛረቦ ዝነበረ ቀይሩ፡ ነዚ ዝስዕብ ክዛረብ ተሰምዐ።

ኣይከሰርናን
ህዝቢ ኢትዮጵያን ኤርትራን ክልተ ህዝብንታት’ዮም ዝብል ዕሽነት’ዩ
ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮ ባዕልኻ ምርሓና
ቅዋም ምጽዳቕ፡ ዶብ ምምልካት ቀዳምነት ንህቦ ሕቶና ኣይኮነን

ደጊም ድሕሪ’ዚ ኩሉ ኣሽካዕላል ውልቀ መላኺ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብውሽጥን ብደገን ብሓደ ቃል፡ ነዚ መሰረት ዘይብሉ ዘረባ ንዕለቱ ኮኒኑ፡ ከይወዓለ ከይሓደረ ተወዳዲቡ ኣንጻር መላኺ ስርዓት ህግዲፍ ገጽ ንገጽ ተፋጠጠ። ካብ ሓምለ 2018 ጀሚሩ ከኣ ኣብ’ቲ ዝነብረሉ ሃገራት ተጠርኒፉ ዕርዲ ፍትሒ ኣቑሙ ህዝቢ ከንቅሕን ክሰርዕን ጀመረ። ኣብ ሓጺር ኣዋርሕ ባይቶታት መስሪቱ፡ ነቲ መላኺ ስርዓት ህግዲፍ ” ሎሚስ ህዝቢ ኤትሪትራ ጠፊኡን ፋሕፋሕ’ሉ እዩ’ሞ መደባተይ ክዛዝም ዝኽልክለኒ የልቦን’ሉ” ዝሓሰቦ፡ ህዝቢ ከም ዘሎ ዘመስከረሉ ሰዓት ኮነ። ህዝብና መሰሉን ክብሩ ክሕሎ ህላውነቱን ሃገሩን ከውሕስ ስለ ዝነበሮ ከኣ ንህግዲፍ ዘህተፍተፈ፡ ጨርቂ ደርብዩ ክሳብ ዘዕበድብዶ ግብራዊ መልሲ ዕቱብ ፍጻሜታት ብዓጸፊታ መለሰ።

2018 ዓመት ተወዲኡ ከም መቀጸልታ ዓመተ 2019 ተቀልቀለት፡ ህዝብና ንዘበገሶ ሃገራዊ ጉዳይ ኣብ ዝረኸቦ ኣጋጣሚታት፡ ንዝጀመሮ መደባትን ዕማም ድሕነት ሃገር ናህሪ ወሲኹ ኣሳለጦ። ማሕበራዊ መራኸቢ ብዙሓት ኤርትራ ተስፋ ሰላምን ዕርቕን ስኒትን ሒዙ ተቀልቐለ። ኣብ’ዚ እዋን ንሓድነትን ስኒትን ህዝቢ ኤርትራ ረብሓ ዘይብሎም መርዚ ኣፈላልይ ክነዝሑ ገገል ውልቀ ሰባት’ኳ እንተ ተቀልቐሉ፡ ዝተበገሱ ዕላማ ከይሰለጦም ፈሸለ።

ባርዕ ቃልሲ ቀጸለ’ሞ፡ ፖለቲካውያን ሓይልታት ኤርትራ እጃመን ኣልዒለን፡ህዝበን ክጠራነፍ ክለዓዓልን፡ ብዓንቶብኡ ዝሓዝአ መስመር ቃልሲ ድሕር ከይበላ፡ ንሕቶ ህዝቢ መልሲ ዝሃባሉ ኣብ ሓድነታዊ ጉባኤታት ዝሰጎማሉ ዓመት ከኣ ኮነ። ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ሓደ ኣካል ፖለቲካዊ ሓይሊ ኤርትራ ፍጹም ሓድነታዊ ውሳኔ ዘዕወተ ኮይኑ’ዩ።

ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ሰሚሩ ደሚቑ ዝተሰምዓሉ ፍረ ቃልሲ ዝሃበ ዕውት ዓመት ኮነ። ነዚ መንፈስ ተስፋን፡ ሕልምን ባህግን፡ ትጽቢትን ድሌትን ህዝቢ ኤርትራ ዘረጋገጸ፡ ሕጂ’ውን ነዚ ሒዝዎ ዘሎ መስመር ቃልሲ ኣብ ሓድሽ ዓመት፡ ብሓድሽ መብጽዓን ሓይልን ክቅጽሎ፡ ዓወት ርሑቕ ኣይክኸውንን’ዩ።

ምስ’ዚ መልእኽቲ ኣተሓሒዙ ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንኩሉ ደላይ ፍትሒ ዝኾነ ህዝብና ርሑስ በዓል ሓድሽ ዓመት፡ ዓመት ስኒትን ሓድነት ህዝብና ይግበረልና እንዳበለ፡ ግብራዊ ክኸውን ዘበገስናዮ ስርሓትን፡ ተሪፉ ንዘሎ ዕማማት ዝያዳ ኣቃልቦ ዘድልዮ ክሕብሓብ ዝግብኦን ሓድነት ስኒት ፖለቲካዊ ሓይልታት፡ ማሕበራት፡ዜጋታት ኤርትራ ምስጢር ዓወትና ምዃኖም ምፍላጥ ምርድዳእ ይግባእ።

ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ስውኣትና

ዜናን ሓበሬታን ውሓዲለ

26 ታሕሳስ 2019

## ዓስከረን ብጹእ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራስንዋ ካብ ጸጸራት ንኪዳነ ምህረት

ዓስከረን ብጹእ ኣብርሃ ፍራስንዋ ኣቡን ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፡ ካብ መካነ መቓብር ጸጸራት ናብ ርእሰ ኣድባራት ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ኪዳነ ምህረት ኣስመራ ግዒዙ። መደብ ምግዓዝ ኣዓስከረን ብጹእ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራስንዋ፡ ምስ’ቲ ምሕዳስ ጽምብል 50 ዓመት ቤተ ክርስትያ ኪዳነ ምህረት ኣስመራ ዝተሓሰበ’ኳ እንተነበረ፡ ብሰንኪ ሃይማኖት ጉዳያት ቤተ ጽሕፈት ህግዲፍ ከጋጥሞ ዝጸንሐ ተደጋጋሚ ዕንቅፋታት፡ ካብ’ቲ ዝተመደበሉ መዓልቲ ጽምብል ሓሙሽተ ዓመት ድሒሩ ዝተኻየደ ምኳኑ፡ ቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምህረት ካብ ዝተሃነጸትሉ ግዜ ንደሓር ዝሓለፈ 50 ዓመታት ጸብጺብካ ክፍልጥ ዝከኣል ዘጸገም ኣይኮነን።

ሎሚ ኣብ ቀጽሪ ቤተ ክርስትያን ኪዳነ ምህረት ዝገዓዘ ዓስከረን ብጹእ ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንስዋ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ስርዓት ሃይለስላሴ ኮነ ስርዓት ደርግ ዘይተሓለለ ብርቱዕ ቃልሲ ዘካየዱ ኣቦ፡ ንመንፈሳውን ማሕበራውን ፖለቲካውን ሃለዋት ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቅ ምንባሩ ካብ ማንም ዝተኸወለ ኣይኮነን። ኣቡነ ኣብርሃ ንግፍዕታት ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣመልኪቶም ብተደጋጋሚ ዝወቅስዎ ዝነበሩ ጉዳይ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላምዊ ህዝቢ፡ ብዘይንሕስያ ዝተፈጽመ ግፍዕታት’ዩ። እቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝካየድ ዝነበረ ግፍዓታት ሕነ’ምበር፡ ኣንጻር እቶም ብረት ዓጢቆም ንነጻነት ዝቃለሱ ዝነበሩ ኤርትራውያን ዜጋታት ከም ዘይነበረ ብግሉጽ ኣብ ዓመታዊ በዓላት ንግደት ማርያም ደዓሪት ኮነ፡ ኣብ ንግደት ኪዳነ ምህረት ኣስመራ ኣብ ቅድሚ ኣሽሓት ኤርትራውያን ንምምሕዳር መንግስቲ ሃይለስላሴ ብትሪ ዝነቕፉን ክእርሙ ዝፍትኑ ዝነበሩ ኣቦ’ዮም።

ሎሚ ከኣ ካብ’ቲ ብወርሒ መጋቢት 2000 ዓ.ም ምህረት ኣዕሪፎምሉ ዝነበሩ መቓብር፡ ናብ’ቲ ሙሉእ ግዜኦም መንፈሳዊ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ዝፈጸምሉ ቦታ፡ ናብ’ቲ ብሂወቶም ከለዉ ከም ጓሳ ህዝቢ ኤርትራ ዝመስከርሉ ዝሰበኹሉ ታሪኻዊ ቦታ ብዕለት 14 ታሕሳስ 2019 ተመሊሶም ኣለዉ።

ፍትሕን ሰላምን ይንገስ

ዜናን ሓበሬታን ውሓዲለ

26 ታሕሳስ 2019

## መልእኽቲ ኣቦ/መ ፈ/ሸ ውሓዲለ ብምኽንያት በዓል ልደትን፡ ሓድሽ ዓመትን

ኣብ ውሽጥን ወጻእን እትርከብ ክቡር ህዝቢ ኤርትራ፡ 28 ዓመታት እፎይታ ዘይብሉ ዝሓለፍካዮን ትሓልፎን ዘለኻ ስቓይን መከራን ተጻዊርካ፡ ባህልኻን ክብርኻን ዓቒብካ ብተስፋ ቃልሲ ደቅኻ መዓልቲ ፍትሕን ሰላምን ሃንቀው ትብለሉ ዘለኻ እዋን'ዩ። 2019 ንተስፋታትካን ባህግታትን ክውን ዝገብር፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን ዜጋታት ሓቢሮም ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ይቃለሱ ኣለዉ። 2019 ልዕላውንት ሕጊ መሊኡ ኣብ ኤርትራ ክትከል ዝተበገሰሉ ዓመት'ያ። ፖለቲካውያን ውድባት ሓድነት ብምግባር ዝጠራነፉላ ዓመት'ውን እያ።

ኩላትና ብሓባር ንሃገርናን፡ ህዝብናን ንምድሓን፡ ፖለቲካውያን ሓይልታትን ሲቪላዊ ማሕበራ ካብ'ዚ ክሳብ ሕጂ ተዓሚሙ ዘሎ ስርሓትን ንላዕሊ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ብምኳኑ፡ በርቲዑ ክሰርሕ ኣብ ቃልሲ ይርከብ።

ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ሓደ ኣካል ኣብ ውሽጢ'ዚ ዓመት ሓድነት ሰለስተ ሓይልታት ዘዕወተን፡ ብሕጂ'ውን ኣብ መደባት ስርሓቱ ሰሪዑ፡ ንሓድነትን ሓባራዊ ስርሓት ሓይልታት ኤርትራ ንኸዕውት ኣብ ቀጻሊ ቃልሲ ይርከብ።

በዚ ኣጋጣሚ እንቓዕ ኣብዚ ኣብጻሓና። እዚ እግሪ ዝተክትል ዘሎ ውድብና፡ ንሕና ብስሙራትና፡ ምስ ካልኦት ኣብ ደምበ ፍትሒ ፡ ኣብ ህዝብናን ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ሽግር ብሓባር ፡ሓንሳብን ንሓዋሩን ክንፈትሖ፡ ልቦና፥ ትብዓት፥ ብልሕን ኣብ 2020 ክህበና ይትስፎ።

ብስም መሪሕነትን መላእ ኣባላት ውድብ ርሑስ በዓል ልደት፡ ርሑስ ሓዲሽ ዓመት ክኾነልና እምነ። ህዝብና ካብ ዘሎዎ ጸልማት ወጺኡ፡ ናብ ትስፋው ኩነታት ክሰጋገር፡ እምነ።

ኣቦ/መ ፈ/ሸ ኣቶ ተስፋሚካኤል ዮሃንስ
ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ

### ሓባራዊ መግለጺ ብዛዕባ ኩነታት ኤርትራውያን ኣብ እስራኤል

ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ጀሚሩ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገረ እስራል ክኸይድ ዝጸንሐ ደም ምፍሳስ ንኹሉ ኤርትራዊ ዘሰንብደን ዘጉሃየን እዩ። እዚ ካብ ዝኸፍእ ናብ ዝባኣሰ ዝዓርግ ዘሎ ደም ምፍሳስ፡ ካብ ኤርትራዊ ባህልን ስነምግባርን ዝረሓቐ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፥ ኣብ ልዕሊ ማንም ፍጡር ወዲ ሰብ ክፍጸም ዘይግብኦ ጨካንን ኣረሜናዊን ተግባር እዩ። ከምዚ ዓይነት ሰብኣዉነት ዝጎደሎ ተግባር ድማ፡ ብመንን ኣብ ልዕሊ መንን ተፈጺሙ ብዘየገድስ ክኹነን ይግባእ።

በዚ መሰረት ድማ እዞም ኣስማትና ኣብ ታሕቲ ሰፈሩ ዘሎ ኤርትራውያን ፖሎቲካውያን ሓይልታትን ማሕበራትን ነዚ ኣብ ሃገረ እስራኤል ከጋጥም ዝጽንሐ ባርባራዊ ፍጻሜታት ኣጥቢቕና ንኹንን። ነዚ ተግባር ዝፈጸሙ ባእታት ድማ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ክቀርቡን ጉቡእ ፍርዲ ክዋሃቦምን ንጽዉዕ። መንግስቲ እስራኤል ከኣ፡ ንድሕነት ናይ'ቶም ኣብ ትሕቲኣ ኣጽሊሎም ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብዕቱብነት ክትምልከቶን ነቲ ዘጋጥም ዘሎ ተደጋጋሚ ገበናት ሓንሳብን ንሓዋሩን ደው ከተብሎን ከነዘኻኽር ንፈቱ።

ኣብዚ ኣብ ዝተፍላለየ ቦታን ግዜን ዘጋጠመ ጭካኔ ዝዓብለሎ ኣነዋሪ ተግባራት ድማ ዝተፈላለዩ ኣሕዋት ደቂ ሃገር ሂወቶም ስኢኖምን ኣደዳ ከቢድ ኣካላዊ ማህሰይቲ ኮይኖምን እዮም። በዚ ኣጋጣሚ ንመወቲ መንግስተ ሰማይ የዋርሶም ንቤተሰብ ድማ ጽንዓት ይሃብ፡ ከምኡዉን ነቶም ዝተፈላለየ ናይ ኣካላት ማህሰይትን መቁሰልትን ዘጋጠሞም ድማ ምሕረት የውርድ ንብል።

ካብዚ ምፍሳስ ደም ናይ ኣሕዋት ዝረብሕ ኣካል እንተ ሃልዩ ስርዓት ህግደፍ ጥራሕ እዩ። ስርዓት ህግደፍ ከም ህዝብን ሃገርን መጻኢና ንኽጽልምት: ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይትበቖላ ዝዓይነቱ መደብ ሓንጺጹ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ምትፍናን ብምፋጣር ናብ ዘይዓርፍ ደም ምፍሳስ ኣብ ሞንጎ ኣሓትን ኣሕዋትን ኤርትራውያን ንኽሽምመና ለይትን መዓልትን ይሰርሕ ኣሎ። ኩልና ኤርትራውያን ደቂ ሃገር ድማ፡ ነዚ እከይ ዕላማ ናይ ስርዓት ህግደፍ ኣለሊና ክንምክቶን፡ ብሓባርን ብሰላምን ኣብ ሃገርና ክንብረና ዝኽእል መንገዲ ክንሕዝን ሓላፍነትና ምኧኑ ክንግንዘብ ይግባእ። ስርዓታት ይመጹን ይኸዱን እዮም ህዝቢ ግን ነባሪ እዩ።

ኣብ ዝተፈላልዩ መራኽቢ ብዙሓን ነዚ ኩኑን ዝኾነ ፍጻመ ዘይኣንፈቱ ንምትሓዝን ኣብ ሞንጎ ህዝቢ ኤርትራ ፍልልይ ንምፍጣርን ዝግበር ዘሎ ዘይሓላፍነታውን ኣነዋሪን ፈተነታት፡ ህዝቢ ክነቅሓሉን ክኹንኖን ይግባእ። ኤርትራ ናይ ኩልና፡ ኩልና ድማ ናይ ኤርትራ ኢና።

ደጊምና ነዚ ኢሰብኣዊ ዝኾነ ፍጻመ ብምኹናን፥ እዚ ካብ ኤርትራዊ ስነምግባር ዝርሓቐን፡ ጭካነ ዝዓብለሎ ጎንጺ ኣብ መንጎ ደቂ ሃገር ብቕጽበት ደዉ ንኽብልን ኣብ መጻኢ ዳግማይ ንኸየጋጥምን ንጽዉዕ። ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነት ብዕርቂ ንምዕራፉ ተበጊሶም ዘለዉ ግዱሳት ኣሕዋትን ኣሓትን ኤርትራውያን ደገፍና እናገለጽና፡ ኩልና ኤርትራውያን ግቡእ ሓላፍነትና ንኽንስከም ኣጥቢቕና ንምሕጽን።

ዓወትን ንህዝቢ ኤርትራ!

- ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባዲለ)
- ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰዲህኤ)
- ዉድብ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ (ሓኤፍ)
- ዉድብ ሓድነት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ (ሓዲለ)

17/12/2019

ህጹጽ ጻውዒት

## <u>ንመንግስቲ ሱዳንን ኮሚሽነር ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራትን</u>

ዕለት፡ 13/12/2019



ናብ ዝኸበርኩም ወከልቲ፡

ቤት-ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽን ጉዳይ ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNHCR) ኣብ ሱዳን፡
ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ሱዳን (COR)፡
ላዕለዋይ ባይቶ ንሰብኣዊ ዕብየት፡

ሚኒስተሪ ዕዮን ማሕበራዊ ዕቤትን ሱዳን፡ ከምኡ'ውን፡ ኣብ ሰዳን ካብ ዘለዉ ስደተኛታት፡ ኤርትራ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ኮንጎ፡ የመንን ሱርያን ካብ ነፍስ ወከፎም ብሓደ ሰብ ተወኪሎም ዝተሳተፍዎ ዓውደ-መጽናዕቲ ብ30 ጥቅምቲ 2019 ኣብ ኻርቱም፡ ሱዳን፡ ተኻይዱ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ።

ብመሰረት እዚ ዓውደ መጽናዕቲ፡ ሰበ-ስልጣን ሱዳንን ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራትን ኣብ ሱዳን ዝነብሩ ናይ ዝኾነት ትኹን ሃገር ስደተኛታት ብዘይካ ኣብ ወተሃደራውን ጸጥታውን መዳያት፡ ኣብ ካልእ ልክዕ ከም ዜጋታት ሱዳን ክሰርሑ ከምዝኽእሉን ናይ ስልጠናን ምልመላን ዕድል ክውሃቦምን ኣብ ስምምዕ በጽሑ። ነዚ ስምምዕ'ዚ ብወግዒ ናብ ዝምልከቶም ስደተኛታት ብዝፈልጥዎን ዝርድእዎን ኣገባብ ከየብጽሑን፡ ዘድሊ ስልጠናታት ከይሃቡን፡ ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ ናይ ስራሕ ፍቓድ (ብጣቓት ኣልዓመል) የብልኩምን እናበሉ፡ ነቶም ካብ 2000 ዓ.ም ኣትሒዞም ናይ ኢሚግረሽን ናይ መንበሪ ፍቓድ ዝተዋህቦም ከይተረፉ፡ ካብ ጽርግያታትን ካብ ኣብያተ-ስርሓቶምን ክገፍዎምን ክኣስርዎምን ይርኣዩ ኣለዉ። እዚ ጥራሕ ከይኣክል፥ ነቶም ዝገፈፍዎም ማእለያ ዘይብሎም ስደተኛታት ኤርትራን ካልኦት ሃገራትን ካብ 50,000 ክሳብ 100,000 ጅኔ እናኽፈሉ ክወጹ የገድድዎም ኣለዉ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ እዞም ኣብ ታሕቲ ኣስማቶም ተጠቒሱ ዘሎ ፖለቲካውን ሲቪላውን ሓይልታት፣ ነዚ ሰበ-ስልጣን ሱዳን ኣብ ልዕሊ ስደተኛታት ብሓፈሻ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ድማ ብፍላይ

ስልጠና ዝግብኦም ናብ ዝስልጥንሉ ትካላት ከዋፍርዎምን ካብ ማእሰርቲ ንመውጽኢ ተባሂሉ ዝኸፈልዎ ገንዘብ ክመልስሎምን ኣትሪርና ንሓትት።

ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ከኣ፡ ነቲ ምስ ሰበ-ስልጣን ሱዳንን ኮሚሽን ስደተኛታት ሱዳንን ዝፈጸሞ ስምምዓት ኣብ ግብሪ ይውዕል ምህላዉን ዘይምህላውን ክከታተልን ነቶም ዝግፍዑ ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ክጣበቐሎምን ነማሕጽን።

ህዝቢ ሱዳን ንኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ግዜ ሽግሮም ብዝፈጸምዎ ልግስን መስተንግዶን፡ ካብ ኣእሙሮናን ታሪኽናን ክሕከኽ ስለዘይኽእል፡ መንግስቲ ሱዳን ነዚ ሕውነታዊ ዝምድናን'ዚ ዘደልድል ፖሊሲታት ክኽተል እናጸዋዕና፣ ሱዳን ንኤርትራውያን ካልኣይቲ ሃገሮም ኰይና ከምእትስምዖም ክነረጋጸሎም ንፈቱ።

ምስ ዕዙዝ ኣኽብሮት !!

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባዲለ)

ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰዲህኤ)

ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ (ኤሓፍ)

ሓድነት ንዲሞክራስያዊ ለውጢ (ሓዲለ)

ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር (ኤሃግ)

**ኣገዳሲ ሓበሬታ ሰላማዊ ሰልፊ ስቶክሆልም**

**ሓው መንእሰይ ኤርሚያስ ተኪኤ**

መንእሰይ ሓውና ናይ ቃልሲ ብጻይና ኤርሚያስ ተኪኤ ብመገሻ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ካብ'ቲ ኣዕሪፍሉ ዝነበረ ሆቴል ብሰብ መዚ ጸጥታ ኢትዮጵያ ተወሲዱ ተባሂሉ። መንእሰይ ኤርሚያስ ተኪኤ ብዘይሓሰቦን ድሌቱን ተወሲዱ ክነሱ ንዓመት መንፈቕን ሕጋዊ መሰላት ተነፊግዎ ብዘይ ፍርዲ ኣብ ትሕቲ ጸጥታ ኢትዮጵያ ይርከብ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመትን ፈረቓን ደሃዩ ንምፍላጥ ዝተኻየደ ጻዕሪ ከም'ቲ ዝድለ ንጉዳይ ኤርሚያስ ዛጊት ዝሰምዖ ኣካል ኣይተረኽበን። እምበኣር ድምጽና ንምስማዕ ፈተውትን መሓዙትን መቃልስቲ [#ኤርምያስ] ነበርቲ ሽወደን ኤርትራውያን ኣብዚ ንዕለት 12 ታሕሳስ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሰልፊ፡ ካብ ርሑቕ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ማሕበራዊ መራኸቢ ብዙሓት ተጠቒምኩም፡ እቶም ኣብ ከተማ ስቶክሆልምን ከባቢን ትርከቡ ኣብ'ዚ ዝካየድ ሰላማዊ ሰልፊ ክትሳተፉ ትዕደሙ።

እዚ ኣብ ልዕሊ መንእሰይ ሓውና ኤርሚያስ ተኪኤ ተረኺቡ ዘሎ ሓደጋ ፍታሕ ንምርካብ ፡ ሓላፍነት ኩሉ ኤርትራዊ ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ በብዓቕሙን ክእለቱን ምስ መሓዙቱን መቃልስቱን ብምትሕብባርን ብምድግጋፍን፡ ብፍላይ ኣብ'ዚ ንዕለት 12 ታሕሳስ 2019 ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ተመዲቡ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ቃል ንደገፍ ኤርሚያስ ተኪኤ ከነስምዕ ጸዋዒት ነቕርብ።

ዜናን ሓበሬታን

ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ

7 ታሕሳስ 2019

# ረፖርታዥ

ዕለት 03/11/2019

**ክፍሊ ማእከል መጽናዕትን ምርምርን፣ንካልኣይ ግዜኣ ኣኼባኣ ኣካናዊና።**

ኣብ ቀዳማይ ኣኼባኣ፣ብመሰረት ውሽጣዊ-ሕግታት ውድብ ሓድነት ንደሞክራስያዊ ለጢ(ው.ሓ.ደ.ለ.)፣ቆይማ ኣባላታ ንኽላለዩን፣ ተቐቢሎሞ ዘለዉ ሰፊሕ ሜዳ ምዅኑ መጠን ተገንዚቦም፡መደበ ስርሓቶም ከጣጥሑ ብዝብል መሰረት 26/10/2019 ኣፈናዊ ኣኼባ ተካናዊኑ።

ኣብዚ ኣኼባ፟ዚ ኣቦወንበር ው.ሓ.ደ.ለ. ሓው ተስፋሚካኤል ዮውሃንስ ከም መኽፈቲን መላለይን ሓጺር መደረ ብምስማዕ፣ካብ ዝበሎ ንምጥቃስ፣ኩቡራት የሕዋት ነቲ ብጻዕርኹም ዘጥረኽምዎ ሞያ፣ ንህዝብኹም ከተበርክቱ ብምባል፡ነቲ ካብ ሕልናዊ ግደታና ዝነቐለ ጽኑዕ ሃገራዊን ዲሞክራስያዊ ስሚዕት ዝነቐለ፣በቢ ዓቕምና ክንዋሳእ ብምባል እነካይዶ ዞሎና ውድባዉን ሃገራውን ምውሳእ ኣበርክቶኹም ክትቡ ቁሩባት ምኳንኩም ምስጋናይ የቕርብ።ኩላትና ከም እንፈልጦ እዚ ሓድሽ ዓይነተ ውዳበና ብስነፍልጠታዊን ህዝቢ ክርድኦ ዝኽእል ኣጋባብ ክቕርብን ክትረኽን ከም ዘለዎ ኣይሳሓትን፤ስለምንታይስ ታሪኽ ውድባት ደምበ ፍትሒ ኣብ ምጥርናፍን ምፍንጣሕን ዝጸንሐ ብምኳኑ መጠን ኣብ ህዝቢ ዘለዎ ተቐባልነት ኣዝዩ ታሕቲ ስጋብ ኑጽግ ምኳኑውን ብሩህ እዩ።ንሕናዉን ኣካል ናይዚ ብምኳና መጠን ብሓቂ ኣብ ልብን ኣትክሮ ህዝብና ክህልወና ስለ ዝግባእ፤ነቲ ዕላማ ልእላውነት ሃገርን ሓድነት ህዝብን ቀዳማይ ቦት እንህቦ፡ፍትሒ ዝመሰረቱ ብግዝኣተ-ሕጊ ዝማሓደር ስርዓት፣ደሞክራሲ ዝባይትኡ ንምብጻሕ፡ ካብ መቦቆል ኣዋዳድባና ምንባሩ፣ነዚ ንምብጻሕ ክይተዓጸፍካ ብዘውጻእካዮ ውሽጣዊ-ሕጊ ተኸቲልካ ብምቅላስ ዝኸፈልናዮ ዋጋ ምምቓላትን ተሞክራታትን ገምጋም ብምግባር፤ኩሉ ስጋብ እዚ እዋን እዚ ዝተኻየደ ኣጋባብ ሓድነት ሽትኡ ዘይውቐዐን ንቕድሚት ክኸደካ ዝይኽእል ምኳኑ ተገንዚብና፡እቶም ኩላትና ኣብዚ ገምጋም ዝበጻሕና ውድብን ምንቅስቓሳትን እንታይ ንግበር ኣብ ዝብል ? መልሱ ክይተወደብካ እርሙን ኣወንታዉን ቃልሲ ከተካይድ ስለ ዘይካኣል፣ ካብ ምትሕውዋስ፣ወይ ጽምድታት ዝዓይነቱ ሓድነት ወጸ እና፣ኩላትና ተራኺብና፣ን-ናይ ሓባር ምርድዳእ ዝበጽሓናሉ ፕሮግራምን ንድፊ ውሽጣዊ ሕግን ኣጽዲቅና፡ንዕኡ ከካይዱ ዝኽእሉ መሪሕነትን ትካላዊ ኣሳራርሓ ዝትሰረተ ኣጋባብ ዝተኻየደ ጉባኤና ንምግላጹን ንህዝቢ ምልላዩን ቀሊል፣ ከምዘይኮነ ዝርዳኣና ጉዳይ እዩ።

እዚ ካኣ ከምቲ ኣቀዲመ ዝበልክዎ ብሰንኪ ናይ ደምበ ፍትሒ ጉዕዞ ቃልሱ፣ናይ ምትእኽካብን ምፍንጣሕን ዘስዓቦ ጠርጠራ ወይ ዘይምትእምማን እዩ ክባሃል ይኻኣል፡፡ስለዚ፟ዩ ብወገንኩም ኣስተዋጽኦ-ፍልጠት ዝሓዘለ መጽናዕትን ንህዝብና ክረድእ ዝኽእል ሰነዳት ብምቕራብ ዑዙዝ ኣበርክቶ ክትህቡ ዞሎና ትምኒትን ድልየትን ወሰን የብሉን። ኩቡራት የሕዋት ነቲ ናጽነት ውልቀ ሰብ ማእከል ዝገበረ፣ኣብ ኣድማሳዊ ሕጊ-መሰል ህዝብታት ዝተሞርኮሰ ዘጽደቕናዮ፣ፕሮግራምን መርሃ ገጽ-ምድሪ(roadmap)፣ንዕኡ ዘካይድ ውሽጣዊ-ሕግታት ተሞርኪሱስና ምምዕባሉን ብስነፍልጠታዊ ዝተጸንዐ ንምምሕያሹ፡ ንኣባትን ህዝብን ዕላማን ራኢን ው.ሓ.ደ.ለ. ክትምህሩ ብጹሑፍ፟ዉን ከተበርክቱ ጥራይ ዘኮነስ ምስ ኩለን ትካላት ውድብ፡ናጽነተን ዝሓለወ ምትሕጋጋዝ ክትገብሩ ዞሎና ድልየትን እምነትን ክገልጻልኩም እፈቱ፡ ብምባል ናይ ደሓን መጻእኩም መልእኽቱ ደምደመ።

ድሕሪ፟ዚ ምልላይ ናይ-ቶም ተረኺቦም ዝነበሩ ተካናዊኑ፤ሓጺር ድሕረ ባይታ ብፍላይ ዓይነተ ትምህርትን ናይ ነፍሲ ወከፍ ሞያ-ስርሓት ገሊጾም፡፡ ነዚ እምነት ዝተዋህበና ሓላፍነት ብሓቂ ዓቢን ልዕሊ ዓቕምና ክይኸዉን እና ተሰከፍናና እናፈራሕናን፣ብድልየትና ቃል-ኪዳን ዝኣተና ብምኳና መጠን፣ብዞሎና ዓቕሚ ክንዋሳእ፣ምስ ካልኦት ሰብ ሞያን ኪኢላታትን ሰብ ተሞክሮን ብምትሕብባር ክንሰራሕን፡ከም ዕላማ ው.ሓ.ደ.ለ. ኩፉትን ዝተማላለአ ኣጋባ፣ብፍላይ ኣብዚ ናይ ማእከል መጽናዕትን ምርምርን ንሃገርን ዞባን ኣህጉራዉን ዘርኢ ጉዳያት ኣሳተፊ ክኸዉን ስለ ዘለዎ ብዞሎና ዓቕሚ ክንሰርሕ ክንጽዕር ኢና።

ማእከል መጽናዕትን ምርምርን ዘማእክሎ ወዚዑ፣ኣጋባብ መስርሕ ኣከባታት ወሲኑ፡ንዕለት 02/11/2019 ካልኣይ ኣከባኡ ካካየድ ን ቀዳምነታት ክዋሃቦም ዘለዎም ኣርእስታት ሰሪዖም ክመጹ ተራዳዲኦም ኣከባኦም ደምደሙ። ዕለት 02/11/2019 ከም ተወሳኺ ናይ ሕጊ ዘጽነዐ

ሓው የውሃንስ ምስግና ዘለዎ ተኻይዱ።ከምቲ ኣቐዲሞም ተሳማሚዐምሉ ዝነበሩ ኣጋባብ ስርሓት ክሰራዕ ዘለዎን መድርኻት፣ካብ ሕጂ ጀሚሩ ክጽናዕ ዘለዎ ጸጋ ሃገር፣ብውልቀ መላኺ ጉጅለ ህግደፍ ተገቢቱን ዝዝረፍ ዘሎ ሃብቲ መዓሉኡ ጥልቕ ዝበለ መጽናዕቲ ክካየድ ከም ዘለዎ ዝብል ሰፊሕ ዘተ ተኻይዱ።

እቲ ከም ኣገዳስን ኣድላይን ቀዳምነት ክስራዕ ኣለዎ ተባሂሉ፣ግደ ክፍሊ መጽናዕትን ምርምርን ዝርኣዮም፣

5. ዝርጋሐ፡- ንምድያ ዝጠቅም ብመጽናዕቲን ምርምርን ዝተሰነደ ምቕራብ
6. ኣፍልጦ፡- ንቕሓት መሰረት ጽንዓት ቃልሲ ብምኹኑ መጠን ንኣባልትን ህዝብን ዝውሃብ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊ፣ቁጠባዊ ብሰብ ሞያን ኪኢላታትን ሰብ ተሞክሮን ዝቐረበሉ ኣጋባብ መጽናዕቲ ምክያድን ዝተርጎሞሉ ኣጋባብ ምስ ኩለን ትካላት ው.ሓ.ደ.ለ. ብውህሃድ ሓቢርካ ምስራሕ።
7. መጽናዕቲ፡- ህሉው ኩነታት ደምበ ፍትሒ ጥልቕ ዝበለ መጽናዕቲ ብምድላው፣ካብዚ በጺሕዎ ዘሎ መድረኽ ናብ ዝሓሸ ክሳጋገር ዘኽእሎ ሰነድ ምቕራብ።ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ ዝተፋላለዩ ፍትሓውያን ህዝባውያን ምንቅስቓሳት ሩጉጽ መጽናዕቲ ተገይሩ፣ጹኑዕ ርክብ ክህሉን ከድንፍዖም ዘኽእሉ መጽናዕታት ምክያድ። ንዱኹም ጎድንታት ስርዓት ውልቀ መላኺ ምልላይን ፈርከሽከሽ ዝበለሉ ስትራተጂ ምሕባር።
8. ምቅሊት ስርሓት፡- ስርሓትና ኣወንታዉን ፍረ ዘሎዎ ክኸዉን ምእንቲ ምቅሊት ስርሓት ክህሉን ዝተፋላለዩ ሓይሊ ዕማማት ክህሉዉናን፣ኣሳራርሓና ተወካስን ወካስን ዘለዎ ኣጋባብ ክኽተል ይምረጽ ዝብል ኩላቶም ዝተሳማምዕሉን ብኽመይ ግብራዊ ንምትርጓሙን ንጹር መስርሕ ኮይኑ ንምቕራብ፡ዘድሊ ምምሕያሽን ሓዲሽ ሓሰባት ሒዞም ንዕለት 16/11/2019 ሰዓት 8.00 በርሊን ኣቋጺስራ ክራኽቡ ተራዳዲኦም ኣኽባኦም ደምዲሞም።

ኣብ ሓደ ሰዓት ዝኣክል ጥልቕ ዝበለ ልዝብ/ዘተ ምክያዱን ጽምረ ሓሳባት ብምቕራብ እሩምን መደቡ ዝሓዘ ሓጺር ዓይነት ዘረባ፣ኣብ ፍረ-ነገር ዝተኮረ ብምንባሩ ኣገዳሲን መሃርን ክባሃል ይካኣል።

ኣቕረብቲ ማእከል መጽናዕቲ ምርምርን

## ማእከላይ ባይቶ ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣኼባ ኣካይዱ

ትማሊ ዕለት 10 ሕዳር 2019 ማእከላይ ባይቶ ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ (ውሓዲለ) ኣኼባ ኣካይዱ። ኣፈ ባይቶ ኣቶ ሓምድ ድራር ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ፡ ኩነታት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ፡ ምስ ኣብ ከባቢና ዝኸይድ ዘሎ ምዕባለታት ብኸመይ ክጸልዎ ይኽእል ንዝብል ሕቶታት፡ ኩሉ ሸነኻቱ ንውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲ ለውጢ ይኹን ንደላይ ፍትሒ ህዝብናን ደምበ ተቃውሞናን ከአ ብሓፈሻ ወሪዱና ዘሎ ከቢድ ጾር ንምፍታሕን መላኺ ስርዓት ንምእላዩን ኣብ ዝካየድ ቃልሲ ቀሊል ከም ዘይኮነ ኣብሪሁ። ብምቕጻል ነዚ ከበድቲ ጾር ንምፍታሕ ሓያል ቃልሲ ንምክያድ ብወገና ዝጠልቦ፡ ሕቶ ህዝብና ንምምላስ ጸኒዕና፡ ሓቢርና፡ተወሃሂድና ብዓቕምና ምቅላስ ማዕዱ ክንጥምት፡ መጻኢታትና ክንግንዝብ እዋናዊ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዝቀረበ ኣጀንዳታት ብፍላይ ንጸብጻባት ስርሓት ፈጻሚት ሽማግለን፡ ከምኡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲ መጽናዕቲ ይኹን ንፍሉይ ዕማም ዝተመዘ ሽማግለታት ኣብ ምቑምን፡ ነተን ድሮ ቆይመን ዘለዋ ከአ ኣብ'ቲ ዘካይድኦ ዘለዋ ኣኼባታት ተወሳኺ ጸብጻባት ንባይቶ ቀሪቡ።

ድሕሪ ጸብጻባት፡ ማእከላይ ባይቶ ውሓዲለ ነቲ ዝቀረበ ጸብጻባት ሓጋዚ'ዩ ንዝበሎ ዝተፈላለየ ሓሳባትን ሕቶታት ብምቅራብ ነዊሕ ክትዓት ኣካይዱ። ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ብሓድነት ተጀሚሩ ንዘሎ ጉዕዞ ውድብ ክሳብ ዓወት ክበጽሕ ደገፉ ብምግላጽ፡ ኩሉ ኣባል ውድብ፡ ኣባል ማእከላይ ባይቶን ቤት ጽሕፈታት ፈጻሚት ሽማግለ ንዝካየድ ስርሓት ዝግበር ርክባት ብቀጻልነት ክህሉን ሓላፍነቱ ክወስድ ከም ዘለዎ ዘትዩ። ኣብ'ቲ ክሳብ ሕጂ ዝተበጽሐን ዝተዓመመ ስርሓት ውድቡ ከአ ኣተባቢዑ።

## ውድብ ሓድነት ንዲሞክራስያዊ ለዊጢ (ሓዲለ) ግዝያዊ መሰጋገሪ መሪሕነት ዞባ ሰሪዑ፡

29 ጥቅምቲ 2019

ብመሰረት ውሳነ ፈጻሚት ኣካል ሓዲለ፡ንቤት ጽሕፈት ውደባ፡ ግዝያዊ መሰጋገሪ መሪሕነት ዞባ ከቀውም ብዝተዋህቦ ሓላፍነት፡ እዘን ዝስዕባ መሰጋገሪ መርሕነት ዞባ ቆይመን ኣለዋ። ውድብና ከምቲ ሰለስቲኡ ኣካላት ኣብ መስራቲ ጉባኤ ዝተሰማማዕናሉ ትካላትና ኣፍሪስና ሰፊሕ ህዝባዊ ተሳትፎ ሰረት ዝገበረ ውድብ ንምምስራት ስለዝነበረ፡ እነሆ ድማ ሓሳብ ሰሚሩ ውድብና ተመስሪቱ። ብመሰርት ቅዋምና ከኣ ዞባ ጉባኤ ተጋቢኡ፡ መሪሕነቱ ክመርጽ፡ ንዝብል፡ ጨንፈራት ከይቆመ ጉባኤ ዞባ ክካየድ ስለ ዘይካኣል፡ ነዚ ሕቶ ንምምላስ ከኣ ዞባታት ተጠርኒፉ ግዝያዊ መሰጋገሪ መሪሕነት ከቅውም ኣድላይነቱ ስለ ዝተራእየ፡እቲ ስራሕ ውን ምእኩል ኮይኑ ቅርጺ ክሕዝ ፥ እዚ ግዝያዊ መርሕነት ቆይሙ ይርከብ።

ግዚያዊ መሪሕነት ዞባታት ገደብ ስርሓቱ ን6 ወርሒ ኮይኑ ። ቀንዲ ዕላማታቱ ፡

ሀ) ምቛም ኣሰናዳዊት ሽማግለ

ለ) ምቛም ጨናፍር ውድብ (ሓዲለ)

ሐ) ብመሰረት ቅዋም ፡ ንጥፈታትን ስራሓትን ትከታተልን፡ መምሪሒታት ተመሓላልፍን።

ኣብዚ ክጥቀስ ዝድለ፡ ግዜ ምስንዳእ ጉባኤ ግድን ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ክኸውን ኣሎዎ ማለት ኣይኮነን። ክሓጽርን፡ ክነውሕን ስራሓት ኣሰናዳእቲ ሽማግለታት ክውስኖ ከምዝኽእል ክንርዳእ የድሊ።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐሰ ስርሓት ንምስላጥ፡ ብሓላፊ ስርርዓት ቤ/ጽ ፈ/ሽ ኣቶ ጊላዋይ ስዒድ ም/ሓላፊ ቤ/ጽ ኣቶ ብርሃነ ገብረክርስቶስን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣባላት ግዝያዊ መሪሕነት ዞባ ኤውሮፓ ኣብ ዕለት 23 ጥቅምቲ 2019 ተኣኪቡ። ኣባላት መሪሕነት ሰሜን ኣመሪካ ድማ ብዕለት 26 ጥቅምቲ 2019 ተኣኪቦም፡ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ግዚያዊት መሪሕነት ዞባ ከኣ ሓላፍነቱ ፈሊጡ ኣብ ስራሓት ወፊሩ ይርከብ። መሰጋገሪ መሪሕነት ዞባ ኣፍሪቃ፡ ድሮ ኣብ መስርሕ ምቛም ይርከቡ ኣለዉ።

## መስራቲ ጉባኤ

### ባይቶ ይኣክል

### ሽወደን

26-27 ጥቅምቲ 2019

ስቶክሆልም ሽወደን

መስራቲ ጉባኤ ይኣክል ሽወደን ቀዳማይ መዓልቲ ዕለት 26 ጥቅምቲ 2019 ቅድሚ ቀትሪ ካብ ኩለን ከተማታት ሽወደን ዝተወከሉ ተሳተፍቲ ጉባኤ መደባቶም ሰሪዖም ስርሓቶም ፈጺሞም። ድሕሪ ቀትሪ ከኣ ምስ ዕዱማትን ህዝብን ብዛዕባ ተደላይነት ጥርናፈን መኸተን መሰልን፡ ነፍስኻ ምኽኣልን ዝተፈላልየ ኣስተምህሮታት ተዋሂቡ።

ብኣሕዋት ኣርሀ ሓምድ ናካን ሙሴን ኤፍሬምን ተኻይዱ። ከምኡ'ውን ዶ/ር ሙስጣፋ ብዛዕባ ኤርትራ ምጣነ ሃብታዊ ትሕዝቶን ሃገራዊ ፍርያትን ሰፊሕ መግልጺ ኣቅሪቡ። ብተወሳኺ ሓፍትና ኤልሳ ብዛዕባ ንቅሎ ኣደታት ኣብ ኤውሮጳ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ መግለጺ ኣቅሪባ።

ካልኣይ መዓልቲ ሰንበት ዕለት 27 ጉባኤ ቀጺሉ ባይቶ ይኣክል ሽወደን መሪሕነት ንምምራጽን፡ ንድፊ ዓንዲ ሕጊ ማሕበርን ኣሰራርሓን ንምውሳን ነዊሕ ግዜ ዝወሰደሉ፡ ዓሚቕ ክትዕ ዝተኻየደሉ መዓልቲ ነበረ። ድሕሪ'ዚ ከኣ መሪሕነት ቆይሙ ምስ ወድአ ከም'ቲ ብዕለት 26 ዝተኻየደ መስርሕ ብኣስተምህሮ ዝተሰነየ ጽምብል ዘዛሚ መደባት ተስሪዑ ብዙሕ ህዝቢ ሃንቀውታ ዝሕደሩ ነበረ።

ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ ብዙሓት ፍሉጣት መንእሰያት ደረስቲ፡ ስነ ጥበባውያን፡ ስነ ጽሑፍ፡ ደረፍትን፡ ከምኡ ኣብ መራኸቢ ብዙሓት ዝነጥፉ ጋዜጠኛታት ዝተረኽብሉ፡ Radio Erena: Aan: Tv Sened ከምኡ ካልኦት ስም ግዱሳት ደቂ ሃገር ዝተረኽብዎን፡ ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰል ኣብ ሃገር ጣልያን መንእሰይ ኣብርሃም ተስፉይ ብፍሉይ ክጥቀሱ ካብ ዝኽእሉ ፍሉይን ዕዙዙን ንዋዕላ መስራቲ ጉባኤ ይኣክል ሃገር ሽወደን ድምቐት ንምሃብ ዝተሳተፉ ምንባሩ ጥራሕ ዘይኮነ ህዝብና ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ኣልዒልዎ ዘሎ ጭርሖን መስርሕን ኣብ መወዳእታ ክበጽሕ ዝካየድ ዘሎ ምልዕዓል ህዝቢ'ውን ዘመልክት'ዩ።

# ዜናታት ባይቶ ይኣክል ኤውሮጳ

## ሽወደን

ብሰንበት ዕለት 20 ጥቅምቲ 2019 ንስቶክሆልም ወኪሉ ባይቶ ሽወደን ይኣክል ንምስታፍ ዝሻባሸብ ዘሎ ሽማግለ



Map of Sweden.

ኣኼባ ኣካይዱ። ኣብ'ቲ ኣኼባ ብርክት ዝበሉ ሃገራውያን ተረኺቦም፡ ትሽዓተ ዝኣባላታ ሽማግለ ወኪሎም። እዞም ሽማግለታት ስቶክሆልም ምስ'ቶም ካብ ኩለን ከተማታት ሙሉእ ሽወደን ኮይኖም ባይቶ ይኣክል ንምቕዋም'ዩ። ባይቶ ይኣክል ሽወደን ንዕለት 26-27 ኣብ ዝካየድ ጉባኤ ክቕወም ከኣ ትጽቢት ይግበረሉ ኣሎ።

## ኖርወይ

ሃገር ኖርወይ ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ከም ኦስሎ፡ በርገን፡ ስታቫንገር፡ ትሮንድሀይም ብርቱዕን ሓያልን ምንቅስቓሳት



ይኣክል ተበጊሱ፡ ንባይቶ ይኣክል ኖርወይ ንምቛም ድሌት ህዝቢ ሓይልን ቀጻልን'ዩ ዘሎ። ኣኼባታቱ ኣብ ምክያድ ዝርከብ ብዕለት 19 ጥቅምቲ 2019 ከተማ ስታቫንገር ክትጥቀስ ይከኣል።

## ዓባይ ብርጣኒያ

ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን ነበርቲ ዓባይ ብርጣንያ ኣብ ወርሒ መስከረም 2019 ዘካይድዎ ሲምፖዚዩም ይኣክል፡




ሓንቲ ካብ'ተ ቀዳሞት ከተማታት ኤውሮጳ ጽዑቕ ኣኼባታት ብምክያድ ድሮ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ሽማግለ ባይቶ ይኣክል ቀይሙስ ኣብ ስራሕ ተዋፊሩ ይርከብ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ ጀርመን፡ ሆላንድን፡ ስዊዝ፡ ጣልያን፡ ደንማርክ ብሓያል ሃገራዊ ወኒ ተላዒሉ ህዝቢ ንምጥርናፍ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ ኩሉ ሓቢሩ ንዝዓበየ ምጥርናፍ ኤርትራውያን ንባይቶ ይኣክል ኤውሮጳ ክምስርት ክበቕዕን፡ ምስ ኩሎም ፖለቲካውያን ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ዘራኽብ ሃገራዊ ዕማም ጎኒ ንጊኒ ተሰሊፉ፡ ሙሉእ ስእሊ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ተዓጢቁ ንህዝብናን ሃገርናን ካብ ግፍዕታት መላኺ ስርዓት ህግዲፍ ከላቓቕ ዘሎ ተስፋታትን ትጽቢትን ብዙሕ'ዩ።

# ስምምዕ ሰላም ኢትዮ ኤርትራ - ኣበይ ደኣ ኣበለ?

## ርእሰ ዓንቀጽ

ኩላትና ከም ንዝክሮ: ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድ ንኤርትራ ዘካየዶ ፈላማይ ታሪኻዊ ምብጻሕ እነሆ ዳርጋ ዓመትን መንፈቕን ሓሊፍዎ ኣሎ። ከምኡውን ድሒሩ ዝጀመረን ብቀጻልነት ዝረአ ዘሎ ዝሕቱል ርኽክባት: ኣብቲ እዋን'ቲ ብመራሕቲ ክልቲኤን ሃገራት ዝካየድ ዝነበረ ጽዑቕ ተደጋጋሚ ዑደታት ንመስርሕ ሰላም ብዝተቐላጠፈ ይኣትዋ ከምዘለዋ የምስሎ ነበረ። እዚ ማለት ድማ እቲ ቀንዲ ምንጪ ናይቲ ኣብ መንጎኤን ዝነበረ ኩነታት ኣይ-ሰላም ኣይ-ኹናት ንምፍታሕ ኣብ ስርሓት ተጸሚደን ኣለዋ ዝብል ስምዒት ፈጢሩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ይኹን ደኣምበር እዚ ስምዒት እዝን እቲ ንሱ ፈጢሩዎ ዝነበረ ተስፋን ነዊሕ ኣይቀጸለን። እቲ ክምለስ ዝግበኦ ሕቶ እምበኣር እንታይ ደኣ እዩ ዝኸውን ዘሎ ዘብል እዩ።

ቅድሚ ሕቶ’ቲ ግን እስከ ንወርሒ ሓምለ 2018፡ ፈላማይ ምብጻሕ ዶክተር ኣቢይ ኣሕመድ ንመለስ። ሽዑኡ መቸም ህዝቢ ኤርትራ ንቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዶክተር ኣቢይ ዝገበረሉ ድሙቕ ኣቀባብላ ንዓለም ከይገረመ ኣይተርፍን። ሓደ ህዝቢ ንናይ ካልእ ሃገር መራሒ: እሞ ኸኣ መራሒ እታ ጌና ክፋል ልዑላዊ መሬቱ ሒዛ እትርከብ ሃገር ከምዚ ጌሩ ክቕበል ክትርኢ እንከለኻ፡ ህዝብና ክሳብ ክንደይ ድሌትን ባህግን ናፍቖት ሰላም ከም ዝነበሮ ንምግማት ብዙሕ ዘሸግር ኣይነበረን። ንግደ ሓቂ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ'ውን እንተኾነ ድሕሪ ገለ ሒደት መዓልታት ንፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፍወርቂ ዝገበሮ ኣቀባብላ ክትርኢ እንከለኻ ክልቲኡ ህዝብታት ተመሳሳሊ ናይ ሰላም ናፍቖት ከም ዝነበሮን ተኸባቢሩ ብሰላም ክነብር ከምዝደልን ኣመስኪሩ እዩ። እቲ ሓውን ጎረቤትን ዝኾነ ክልቲኡ ህዝብታት፣ ዋላኳ ተቐባል ጋሻ ሙኳኑ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ሕቶ ሰላምን ሹናትን ኣብ ኢድ መራሕቲ ምዃኑ ኣጸቢቑ ስለዝርዳእ: እቲ ዝገበሮ ኣቀባብላን ዘርኣዮ ታሕጓስን ዝገልጾ ነገር እንተነበረ፡ እቲ ጉዳይ ክንዮ ምቕባል ናይ ሓዳ ጋሻ ዝኸይድን ምዃኑን: ንዘመነ ኲናትን ወረ ኲናትን ኣፋንዩ ንሓድሽ ዘመነ ሰላምን እፎይታን ቅሳነትን ይቕበል ከምዝበረ ብሩህ እዩ ኔሩ።

ብወገን ኤርትራ እንተ መጸና እሞ ኸኣ: ኤርትራ ንእሽቶን እታ ዝያዳ ዝተጎድአትን ሃገር ከም ምዃና መጠን: ንህዝባ ሰላም ማለት ኲናትን ወረ ኲናትን ደው ዝብለሉ: ንልዕሊ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ትሕቲ መሬት ዝጸንሑ እሱራት (እቶም ብህይወቶም ዘለዉ እንተሃለዉ) ብርሃን ጸሓይ ዝሪኡሉን ምስ ስድሮኦም ዳግም ዝሕወሱሉን፡ እቲ ጌና ተታሒዙ ዘሎ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ንዋንኡ ዝምለሰሉ፡ ደረት ኣልቦ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ንቡር ዝምለሰሉ: ዋሕዚ ስግረ ዶብ መንእሰያትን ህጻናትን ዘብቀዓሉ፡ ሓድሽ መዋእል ክጅምርን ሃገርና ኤርትራ ድማ ኣብ ግዝኣት ሕጊ ገጻ ክትሰጋገርን እቶም ክሳብ ሎሚ ዘምለጥዋ ናይ ቁጠባውን ማሕበራውን ባህላውን ፖለቲካውን ናይ ምዕባሌ ዕድላት መንገዲ ንክትመልስ: ኮታ ህዝባ ኣብ ኩለንተናዊ ሃገራዊ ህንጸት እንደገና ምርብራብ ንክጅምር፡ እቲ ክጽበዮ ዝጸነሐ ሰላም ነቲ ስኢኑዎ ዝነበረ ዕድል ሒዝሉ ክመጽእ ተስፋ ስለዝገበረ ሓጎሱ ፍኑው ክበሃል ብዝኽእል ኣገባብ ብዕልልታን ብከበሮን ክገልጽ ርኢናዮ። ኣብ ኤርትራ ህዝቢ ኣብ ጎደናታት በዚ ቁጽሪ'ዚ ምርኣይ ብዘይካ ኣብ እዋን ምሕራር ኤርትራን ምእዋጅ ሃገራዊ ናጽነትን ብድሕሪኡ ኣይተራእየን።

እዚ ድማ ባህርያዊ እዩ። ባህርያዊ ዝገብሮ ድማ ነቲ ኣብዚ ዘርዚርካ ዘይውዳእ ህልው ኩነታት ኤርትራ ሕርሕራይ ገርና ስለንፈልጥ እዩ። ስለዝኾነ እዩ ድማ እዚ ድሕሪ ናይ ዕስራ ዓመታት ተጻብኦን ዝተኣወጀ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ዝዓበየ ፖለታካዊ ክስተት እዩ ክበሃል ዝከኣል። እቲ ንክልተ ዓመት ምሉእ ዝተኻየደ ኣዕናዊ ኲናትን ብድሕሪኡ ድማ ን18 ዓመታት ዝቀጸለ ኩነተ ኣይኲናት ኣይሰላም ንክልቲኤን ሃገራትን ንመላእ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዝሓመሰ እኳ እንተኾነ: ኣብ ሃገርና ዝወረደ ኩለንተናዊ ዕንወት እቲ ዝለዓለ ምዃኑ ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ብኡኡ መጠን ድማ ምምጻእ ሰላም ንህዝቢ ኤርትራ እቲ ዝዓበየ ብስራት ምዃኑ ኣከራኻሪ ኣይነበረን።

ህዝቢ ኤርትራ ሕጂ'ውን ገና ኣይተዓደለን። ስምምዕ ሰላም ተኸቲሙ ከብቅዕ: እኳ ደኣ ዳርጋ ዓመትን ፈረቓን ሓሊፍዎ: ኣብ ህይወት ኤርትራውያን ዝተቐየረ ነገር ፈጺሙ ዘይምህላዉ'ዩ። ፖለቲካውያን እሱራት: እንተላይ እቶም ብሰንኪ እቲ ምስ ኲናት ዝተሓሓዝ ንሃገራዊ ጸጥታዊ ዘስግኡ እዮም ተባሂሉ ኣብ ቀይዲ ኣትዮም ዘለዉ: ሕጂ'ውን ደሃዮም የለን። እቲ ብሰንኪ ኲናት'ዩ ዘይተተግበረ ካብ ማንም ንላዕሊ ባዕልና ንደልዮ ዝበሃለሉ ዝነበረ ቅዋም ክትከል ትጽቢት እንዳተገብረሉ ሃንደበት "ቅዋም ደኣ ሞይቱ" እንድዩ ዝብል መርድእ ተሰሚዑ ክሳብ ሎሚ ከኣ ዳግመ ትንሳኤኡ ኣይተኣወጀን። ገደብ ኣልቦ ኣገልግሎትን፡ ዘስዕቦ ፍልሰት መንእሰያት ወሲኹ'ምበር ከቶ ኣይነከየን። እንተ ብዛዕባ ቁጠባ እሞ እቲ ንዝሓለፉ ሓያሎ ዓመታት ዘየቋረጸ ናይ ቁልቁለት ጉዕዙኡ ናህሩ ስለዘይቀነሰ ብዛዕብኡ ዘይምዝራብ ይሓይሽ።እቲ ቀንዲ ጠንቂ ኲናት ምዃኑ ወግሐ ጸብሐ ዝዝረበሉን ቅድመ ኩነት ሰላም ከኣ ኮይኑ ዝጸንሐን ዶብ እሞ ኸኣ ጨሪሹ ተረሲዑ እኳ እንተዘይበልና ብዘይ ተፈልጠን ብወግዒ ብዘይተነግረን ምኽንያት ተወንዚፉ ተሪፉ።

ስለዚ ድማ ኢና ክንሓትት ንግደድ እሞ ፡ ወዮ እቲ ሰላም ደኣ ኣበይ ኮን ኣበለ? ኢልና ክንሓትት ዝተገደድና።ሰላም ኣበይ ደኣ ኣቢሉ ዝብል ሕቶ ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ፡ እኹል ግን ኣይኮነን። ሃገርና ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነታት ትርከብ ምህላዋ፡ ሰላም ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ፡ ሃገር ኣብ ንቡር ኩነታት እንተዘይተመሊሳ፡ ዝተኣወጀ እንተ ተኣወጀ እቲ ዝድለ ዘሎ ሰላም ውሕስነት ክህልዎ ከም ዘይክእል፡ ከም ሃገር ድማ ዋላኳ ግዳማዊ ተጻብኦታት እንተሃለዉ፡ እቲ ቀንዲ ሽግርና ውሽጣዊ ደኣምበር ግዳማዊ ከምዘይኮነ፡ ህዝቢ ጉዳይ ሃገሩ ባዕሉ ዝውስን ክኸውን ዘኽእሎ ዲሞክራስያዊ ለውጢ እንተ ዘይተረጋጊጹ ኩነታት ክመሓየሽ ምጽባይ የዋህነት ጥራይ ምዃኑ ተረዲእና ቃልስና ብዝሓሸ ስትራተጅን ብዘለዓለ ውደባን ከነበርትዖ ይግበኣና።

ሽዑኡ ድማ እቲ ሕቶ ሰላም ኣበይ ኣበለ ዘይኮነ፡ ከም ህዝቢ ከመይ ጌርና ኣብ ድልዱል መሰረት ከም ዝህነጽን ከም ዝምዕብል ንገብሮ ይኸውን።

## ውድብ

## ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ



ጋዜጣዊ መግለጺ

ቅድሚ ቅሩብ መዓልታት ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንኣህጉራዊ ሕብረተ ሰብ ኣቃልቦ ዝሰሓቡ ክልተ ኣገዳስቲ ክስተታት ተራእዮም። ንሕና ኣብ ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ከም ኩሉ ዓለም ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ዝተረኽበ ክልተ ኣገደስቲ ተርእዮ ክንከታተሎ ጸኒሕና ኣለና። ኣብ መራኺቢ ብዝሓት፡ ኣህጉራዊ ማዕከን ዜናታት ተርኽቦ ቀርኒ ኣፍሪ ቀንዲ ኣርእስትን መዛረብን ኮይኑ ጸኒሑ'ዩ።

ካብ'ዚ ክልተ እቲ ቀዳማይ ተርእዮ ፡ ብምኽንያት መመረቕታ ሕዳሰ ቤተ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ርእሰ ከተማ ኣዲስ ኣበባ መራሕቲ ምስራቕ ኣፍሪቃ ዝተረኽብሉ፡ ክኸውን እንከሎ እቲ ካልኣይ ከኣ ውሳኔ ኮሚተ ኖቨል ሰላም ኖርወይ፡ ኣብ ዝሕለፎ ውሳኔ ተሸላሚ ኖቨል 2019 ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ምዃኑን'ዩ።

ታሪኽ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብምዝልከት፡ እዚ ዞባ'ዚ ብቀጻሊ ዘይምርግጋእ፡ግጭት፡ ኵናትን ጥሜትን ዝተጠቕዐ ምንባሩ'ዩ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሓጺር ዓመታት ግን ንስእሊ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝቀየረ ገገለ ምዕባለታት ሒዙ ዝመጸ ምንባሩ ከኣ ዘካትዕ ኣይኮነን። እንተኾነ ህዝቢ'ዚ ከባቢ ነቲ ኣሉታዊ ታሪኽ ንድሕሪኡ ገዲፉ ኣብ ዝተረጋገአ ኩነታት ሰላም ክበጽሕ ግን ብዙሕ ክቅየር ዘለዎ ተሪፉ ከም ዘሎ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኤርትራ ኣብ'ዚ ከባቢ ካብ ዘለዋ ሃገራት ንበይና ዝበጽሓቶ ምዕባለ ኣዝዩ ድሩት ውሑድን ኮይኑ፡ ኣይነበረን ክበሃል'ውን ዘይከኣል ኣይኮነን። ብኣህጉራዊ ሕብረተ ሰብ'ውን ኣብ ስምምዕ መስርሕ ሰላም ኢትዮ-ኤርትራ ዝቃላሕ'ምበር ዝተሰርሐ ዘይምህላዉ'ዩ። ናይ ፖለቲካ እሱራት ጥራሕ ኣይኮኑን ኣብ ዝነበርዎ ማእሰርቲ ብዘይ ፍትሒ ንዘይተፈልጠ ግዜ ዝቅጽሉ ዘለዉ፡ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም'ውን እዚ ተግባራት ቀጺሉስ ካብ በይቶም ስርሖምን ተደልዮም ክእሰሩ ምግባርን ሃለዋቶም ኣብ ዘይፍልጥሉ ኩነታት፡ ልክዕ ቅድሚ ስምምዕ ሰላም ዝነበረ ኩነታት ዝተለወጠ ዘይምህላዉ'ዩ።

ብካልእ ወገን ትጽቢት ብዙሓትን ድምር ኣሕጉራዊ ሕብረተ ሰብን ተጻራሪ ዝኾነ ዘሕዝን ተደጋጋሚ ተርእዮታት ገደብ ኣልቦ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ጠንቂ ዋሕዚ ስደት መንእሰይ ኤርትራ

ነጋሪት ሓደጋ ፍልሰት ህዝቢ ገና ኣብ ቦትኡ እንዳሃለወ ኣብ ውሽጢ ሃገር ፖለቲካዊ ዓፈና፡ ራዕዲ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘይብሉ ኮይኑ ይርከብ።

ህዝቢ ኤርትራ ንዘይእውጅ መስርሕ ሰላም ብሓጎስ'ኳ እንተተቀበሎ፡ ግሉጽነት ዘይብሉ፡ ኣብ ትግባረ ዝስጉም ስርሓት ዘይብሉ መስርሕ ሰላም ምሕደራ ህግዲፍ፡ ንብዙሕ ቤላ ቤለውን ምድንጋራትን ኣድል ከፊቱ ይርከብ።

ኣብ ጉዳይና፡ መራሕቲ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ዝተረኽብሉ መመረቕታ ሕዳስ ህንጻ ቤተ መንግስቲ ኣብ ” መናፈሻ ሓድነት” ዝቀረበ መድረ ቀ.ሚ ኢትዮጵያ ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድ ንኢትዮጵያን ንፕረሲደን ኤርትራ ወኪሉ ክዛረብ ምኧኑ ገሊጹ። መግለጺ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ኣብ ብኩራት ፕረዚደንት ኤርትራ፡ ኣብቲ ዝተበጽሐ “ስምምዕ ሰላም” ከንጸባርቖ ዝኽእል ኣሉታዊ መልእኽቲን ኣብ መስርሕ ሰላም ክልቲኦም ሃገራት ጥርጣረታት ምቕማጥን ንምንእኣስ ኢሉ ዝገበሮ ዲፕሎማሲያዊ ፈተነ ክኸውን ይኽእል። ይኹን'ምበር፡ ገለ ሕቶታት ከልዕል፡ ዘየድሊ ግምታትን ኣመታትን ኣናኺሱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንተመሳሰልቲን ተደጋገምቲን ዝኾኑ፡ መራሒ ኢትዮጵያ ኣብ ኣህጉራዊ መጋብኣያታት/መድረኻት ዝህቦም መግለጺታት ዘለዎ ስክፍታታት ዘሐይል ወይ ዘጋድድ'ዩ። ኣብዚ መጀመርታ መድረኽ መስርሕ “ሰላም” ክልቲኦም ሃገራት ነዚ መግለጽታት'ዚ ምሃብከ ግቡእ ድዩ ዘብል'ውን'ዩ። ከምኡ'ውን፡ ብዛዕባ ናይ ኤርትራ ተደጋጋሚ ብኩራት ካብ ብዙሓት ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ርክባት ኣዝዩ ዕቱብ ስክፍታ ዘልዕል'ዩ። ካብዞም ብኩራት ኤርትራ ዝተራእየሎም፡ ኣብ ካርቱም ዝተጋብአን ልዑል ኣገዳስነት ዝነበሮን ናይ ሱዳን ሃገራዊ ኣጋጣሚ ጎረባብቲ ሱዳን ካብ ዝኾኑ ሃገራት ዘይተሳተፈት ኤርትራ ጥራይ ምንባራን፡ ብዛዕባ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝተጋብኡ ተደጋገምቲ ኣኼባትን ናይ ሃገራት ኢጋድ መራሕቲ ኣኼባታትን ይርከቡዎም። ናይ ብሓቂ ከኣ፡ ብኩራት ኤርትራ ካብ ተሳታፍነት ኣብ ኩሎም'ዞም ርክባት'ዚኦም ክኽተል ካብ ዝኽእል ሳዕቤን ሕቶታት ዘልዕልን ዕቱብ ስክፍታታት ዝፈጥርን'ዩ።

ካልኣይ ፍጻመ ጉዳይ ውሳነ ኖርወይ ኮሚቲ ሽልማት ኖበል'ዩ። እቲ ኮሚቲ፡ ናይ 2019 ሽልማት ሰላም ኖቤል ንቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ዶ/ር ኣቢይ ኣሕመድ ዓሊ፡ ሰላምን ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝን ንምርግጋጽ ዝገበሮ ጻዕሪን፡ ብፍላይ ድማ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንዝነበረ ግጭት ንምፍታሕ ዝወሰዶ ወሳኒ ተበግሶ፡ ምኽንያት ብምግባር፡ ክወሃብ ምውሳኑ ዝተተሓሓዘዩ።

ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንዶ/ር ኣቢዪ ኣሕመድ፡ ንሽልማት ኖበል ብምዕዋቱን ንውሳነ ኣህጉራዊ ኮሚሽን ኢትዮ-ኤርትራ ብዘይ ቅድመ-ኩነት ክቕበል ንዘርኣዮ ተብዓት፡ ምስ ጎረባብቱ ሃገራት ብዝጀመሮ ክፉት ርክባት፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ ዞባ ሰላም ንምህናጽ ሓድሽ ዲናሚካዊ መሪሕነት ምርኣዩ፡ ዮሃና ይብሎ።

ሰላም ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንህዝቢታት ክልቲኡ ሃገራት ጥራይ ይጠቅም ዘይኮነ፡ ሰላም፡ ጸጥታን ዞባዊ ምትሕግጋዝን ኣብ ምሉእ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክህሉ ይሕግዝ ዝብል እምነት ኣሎና። ይኹን'ምበር፡ ዝኾነ ስምምዕ ሰላም ቀጻልነት ክህልዎ እንተ ኰይኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ወናኒ መጻኢ ዕድሉ ክኸውን ኣለዎ። ታሪኻን ስትራተጂያዊ ኣቀማምጥኣን መሰረት ብምግባር፡ ኤርትራ፡ ኣብ መጻኢ ዞባና ትጻወቶ ተራ ኣለዋ። እዚ ኮይኑ፡ ብዘይ ናይ ምርጫ ናጽነትን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብናይ ገዛእ መንግስቱ ኣኽብሮት ዘይምርካብን፡ ሃገርና፡ ዲናሚካዊ ሽርካ ንዞባዊ ሰላምን ምትሕግጋዝን ክትከውን ኣይትኽእልን።

ንከምዚ ዝበለ ልሉይ ፍጻሜታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሓዲለ፡ ኲልና ኣብ ውሽጢ ሃገርን ስደትን ንርከብ ኤርትራውያንን ሓይሊታት ዲሞክራሲን፡ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲ ንምርግጋጽ ከይተሓለልና ቃልሲና ክንቅጽል ይጽውዕ።

መብጽዓና፡ ምቕጻል ቃልሲና'ዩ!

ዕድመ ንኤርትራና!

ፈጻሚ ኮሚቲ-ሓዲለ

14 ጥቅምቲ፡ 2019 ዓም።

# ዓምዲ ግጥምታት




## ግርም ምቑማር ወዳጀ ምድማር

ኣጉል ቃላት ብምኹማር
ተሓቢእካ ብምምኻር
ድሌት ሓፋሽ ብዘይምስማር
ሓናጢጥካ ብምስፋር
ግርም መጽሓፍ ምድማር
ወዳጀ ዕብዳን ወዳጀ ምቑማር

ክኢላ ነፋሒቶ ቀያያሪት ሕብሪ
ብነቃዕ ትጥምት ከዳዕ ዓይኒ ንስሪ
ድምስስ ከተብሎ ነቲ ኩሉ ክብሪ
ኣብየት ትዕድልቲ ተፈጥራዊ ባሕሪ
ኣይተራየን ፍጹም ከምዚ ዓይነት ነውሪ
ኣብየት ምምብሃቑ ናብ እንዳማትካ ህውሪ
ወዳጀ ምሽቛር ወዳጀ ፍቅሪ

ብኮንቱ ስምዒት ሳዕስዒት ብእምብልታ
እንታይዶ ከሲብኩም ካብ ናይ ቀደ ቱታ
ወይከ ምውናን ኣብ ዘይናትካ እልልታ
ታሪኽ ኣይስረቅን ብናይ ጥልመት ፍሸኽታ
ንመን ከተብልዐ ስምምቲ ብርኩታ
ወዳጀ ጭሕጋሮ ልቢወለድ ዛንታ

ኣብየት ስዊዝ ከናል ኣብየት ባቡኤል መንደብ
ናይ ጸማማት ሕልሚ ዘይከውን መደብ
ምስ ኩሉ ዘራኽብ ምስ ዓለም ምስ ዓረብ
ተፈጥራዊ ሃብቲ ዘይብሉ ገደብ
ካብ ጫፍ ናይ ራስ ቀሳር ክሳብ ጫፍ ዓሰብ
ወዳጀ ባሕሪ ወዳጀ ወደብ

ኣብየት ሓይሊ ባሕሪ ስልጡናት ናይ ፈረሳ
ያኢ ተባሂሉለይስ ጠፊኡዩ ቲ ጓሳ
ደቂ እርገቱ ደቂ ኣስራተ ካሳ
ግርም ተረከብቲ ናይ ወለዶም ካሕሳ
ወዳጀ ምምብሃቑ ምጉምዳድ ናይ ዓሳ

ኣለዉ ደቂ ከቢረ ሽጥ ዘበሉ ቅናት
ኣለዉ ደቂ ዓዋተ ሰብ ሕድሪ እሙናት
ሓዊ ዝተፍኡልኩም ብኹሉ ወገናት
ተዳለዉ በሉ ንናይ ወለዶታት ኲናት
ወዳጀ ሰብ ቅልጽም ወዳጀ ሰብ ምናት

ኣቡ ያረድ

# ፍቅርና ንዓኺ ምኽርና ንያኦም

እወ ክንገልጸሎም ስምዕና በጃኺ
ንዘሎና ፍቅሪ ብሓቂ ናባኺ
በቲ ሓቀኛ መንፈስና ንልቢ ዝኟኺ
እንታይ ከም እንብል ቲ ዝምልከት ንዓኺ
ክንህሉ ኢና ኣይትስግኢ ኣጆኺ

መግቢዩ ንፍጡር ማእከላይ ኣየራ
ትሕት እንተበልካ ተጸዋሪ ሃሩራ
መግለጺ ዘይርከቦ ነባሪ ዝፍቅራ
ዋጋ ዝኸፈልና ምእንቲ ቲ ክብራ
ናትና መግለጺት ንሳያ ታ ስፍራ

ንሳ ኢና ንሕና ንመንፈሳ ዝለበሰ
ብመንቀርቀር ስኑ ኣብልብና ዝነኸሰ
ይዋእዩ ዓሻ ነዚ ዘይዳህሰሰ
ብጫውጫው ዕዳጋ ሰኺሩ ዝነገሰ
ታሪኽ ክደግም እንተተበገሰ
ኣይክተርፎንዩ ከም ቀደም ከይተገምሰሰ
ሕሰበሉ በልዎ ነገሩ ከይበኣሰ
ከምቲ ርቡጽ ዝብኢ ቀርኒ ከይኰለሰ

ኣብየት ክኢላ ሓላዪ ክትመስል
ኣይተራእየ ጉዳይ ብኸምዚ ዝበስል
ዝሓለፈ ስምብራት ደጊሙ ዘቑስል
እምበር ካልእስ ነየሰላስል
ጀሚሩሎ ኤርትራዊ ኣንጻሩ ክዓስል

ካብ ህዝቢ ዘይመረጾ መሬት ኣይትሸምት
ወከ ዓጀውጀ ንመን ከተዐምት
ቆርበት ቀዩርካስ መሬት ክትዘምት
ኣይደኸምናን ገና ጽቡቅ ገርካ ጠምት

ንጶብና ዘይምስጋር ዩ ንደልዮ ካባኻ
እቲ ዝጸብጸብካዮ ይኹነልካ ነዓኻ
ተመስገን ዩ ልምድና ኣይንደልን ጽጋኻ
ነቲ ድጉል ዝነብረ ሓውኻ
ንዑኡ ውሰድ ይኺድ ምሳኻ

ኪዱልና ብሓደ ንእንዳቦኹ ስገሩ
ኣብ እንዳባሓጎኹም ተመሃሃሩ
ሞትኩልሽ ተበሃሃሉ ተፈቃቀሩ
ብትምክሕቲ ተላዕጢጦም ኣይወፈር ዝወፈሩ
ኣሻፍረኝ ኢሎም መረብ ዝሰገሩ
እንታይ ረኺቦምዮም ቅድመኹም ዝወረሩ
ኣንብብዎ ታሪኽ ናይቶም ዝኸሰሩ

ፍቅሪ ብዝመስል ቃላት ናይ በለጽ
ደው ደኣ በሉ ጉድኩም ይገለጽ
ዋጋ ስሕተትኩም ከይትኸፍሉ ቀረጽ
ደኺሙዩ ዝበልኩሞ ከይበልዓኩም ረመጽ

እወ ሕራይ ንሰላም ከም ጎረቤት
በብመንነትና ኣብ ነናትና ምድሪ ቤት
ንናይ ሓባር ጠቕሚ ክንበሃሃል ኣቤት
ክንዩኡ ግን ዕንወት እምበር ኣይኮነን ንዕቤት

ከምቶም ናይ ትማሊ ትምክሕቲ ንዝወሓጠ
ብኣጉል ቃላት ፍቅሪ መልክዑ ንዝወቀጠ
ንሓቀኛ ታሪኽ ብሓሶት ከይገልበጠ
ንጉዕዞ ሰረገላ ንድሕሪት ከይወጠጠ
ኣይፋልካን በልዎ ቅልጽሙ ዝሓበጠ
ንገርዎ ደጊምኩም ገለ እንተፈለጠ

ነፍሲ ወከፍ ሃገር ኣለዎ መልክዑ
ፍቲ ፍቲ ኣይኮነን ጸወታ ናይ ቆልዑ
ኣደራራዝ ኣይኮነን ምዝንጋዕ ናይ መርዑ
ንሓባራዊ ጠቕምታት ንዛተ ንዑ
ሂወት ኩሎም ኣህዛብ ክጥዕም ዩ ሽዑ

ብዘይክኡ ካልእ የለን ምርጫ
ዝረአ ዘሎ ኣንፈት ኣይግድን ኣቕጣጫ
ንካልኦት ዓሚጽካ ኣይጥዑምን ዩ ቅጫ
ናይ ኩሉ ሰላም ዩ ልዑል ብልጫ

ናይ ወለዶታት ኲናት ከይባራዕ ደጊሙ
መዋጽኢ ኣይኮነን ሕጅውን ፈጺሙ
ንገርዎ ንዛህላይ ገለ እንተለቢሙ
ኳሕኩሕዎ ንርእሱ እንተጸሚሙ

ኣቡ ያረድ